## ጽግያት ደው ዚብለሉ ዕድመይ እዩ። ናይ ማህመን ዋህዮ መርመራ የድልየኒ’ዶዩ?

እወ፤ ዕድመ እንናወሰኽ ክኸይድ እንተሎ ኣብ ማህጸን ጫፍ ናይ መንሽሮ ጸገም ስለዝፍጥር እዩ። ዋል እኳዕ ምስሓደ ወዲ ዓርኺ ጥራይ ርክበ ስጋዊ እንተሃለዎ፤ ድሕሪ ጽጊያት ጠጠው ምባል በብክልተ ዓመት ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

## ሓደሓደ ዘይልሙድ ናይ ምድማይ ኩነታት ይርኣየኒ

ዘይተለምደ ደም ወይኻኣ ፈሳሲ ካብ ሕርሚኽን እንተፈሲሱ ብዝተኽኣለ ቐልጢፍኽን ሓኪም ምርኣይ እዩ።

## ኣብዝሓለፈ እዋን ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ዝገበርኩሉ ኣይዝክሮን

ኣብዝሓለፈ እዋን ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ንዝገበርኽንሉ ግዘ ንምዝካር ብናትክን ሓኪም ወይኻኣ ጣለዋ ጥዕና ክሊኒክ ኣሰራርሓ ኩነታት ክነብሮም ይኽእል። ናትክን ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ውፅኢት ክምዝገብ እንከሎ ኣብ ነንሕድሕዲኡ ምምሕደርን ተሪቶሪ ናይ ስም ዝርዝሮም ይርከብ እዩ። ቐጻላይ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ወይኻኣ ብቐጻልነት ሕክምና እንተሃልዩ እሞ እቱይ ግዘ ክበጽሕ እንከሎ ናይ መዘካኸሪ ደብዳበ ይልኣኽልክን እዩ። ብዛዕባ ናትክን ሓበሬታ ማለት ስም በቱይ ዝርዝር ውሽጢ ክይኣትዉ ወይኻኣ ናይ መዘካኸሪ ደብዳበ እንተዘይደሌኽን ንሓኪምክን ምዝራብ እዩ።

## ንናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ምግባር ዝኽእል ኣበይ እዩ?

ብከባቢክን ብዝርከብ ሓኪምክን፣ ነርሲ ወይኻኣ ናይ ወሊድ መቆጻጸሪ ክሊኒክ ቀጸሮ ምድላው ትኽእላ። ንናትክን ማህጸን ዋህዮ መርመራ ንምግባር ናይ ጓል ኣንስቶ ሓኪም ወይም ነርሲ ምሕታት ትኽእላ። ኣስተርጓማይ ክርከብ እንተደሊኽን እቲ ቆጸሮ ክዳለው እንከሎ ተዛረባ። ከምኡ’ውን ማሳኽን ዓርኺ ወይኻኣ ኣባል ስድራ ሓቢሩ እንተኸይዱ ጽቡቅ እዩ።

## ንማህጸን ጫፍ መንሽሮ ንምክልኻል ዝኽእል ሓዱሽ ክትባት ከምዝሰማእኩ እዩ

እወ፣ ንመብዛሕትኡ HPV ዓይነት እሞ ንማህጸን ጫፍ መንሽሮ ምክንያት ንዝኾውን ሕማም ንምክልኻል ምእንታን ክትባት ይውሃብ እዩ። ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዕድሚኣን ካብ 9 ክሳብ 26 ዓመት ንዝኾነን ደቂኣንስትዮ ነቲ ክትባት ክወስዳ ይፍቀደለን እዩ።

ብናይ ኣህጉራዊ ሕማም ምክልኻል ፕሮግራም ኣቢሉ HPV ክትባት ብናጻ ይውሃብ እዩ።

መንእሰያት ቅድሚ ርክበ ስጋ ምጅማረን ክትባት እንተረኺበን ዝበለጸ ይኸውን። ናይቲ ክትባት ዕላማ ንቕድሚት ዘሎ ትውልዲ ካብ ደቂኣንስትዮ ናይ ማህጸን ጫፍ መንሽሮ ንምክልኻል እዩ። ዕድሚኣን ካብ 12 ክሳብ 26 ዓመት ወይኽኣ ካብ 12 ክሳብ 26 ዓመት ዝኾነን ጓል ውላድ እንተሃልይክን ብዛዕባ ኣጀማምራ ንሓኪምክን ኣዘራርባ። ኣወሳስዳ ክትባት ክወስዳ ይፍቀደለን እዩ።

እቲ ክትባት ንማህጸን ጫፍ መንሽሮ ምክንያት ካብዝኾኑ ሓደሓደ HPV ንምክልኻል ስለዝኽእል እሞ ኩልግዘ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

**ንማህጸን ጫፍ መንሽሮ ምክንያት ንዝኾኑ ኩሎም ዓይነት HPV ብክትባት ንምክልኻል ስለዘይክኣል እሞ ኩልግዘ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን።**

ብዛዕባ HPV ከምኡ’ውን ክትባት ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ክትባት ፕሮግራም ዌብሳይት **www.immunise.health.gov.au** ይርከብ።

**ካብ ማህጸን መንሸሪ ንምክልኻል ኩልግዘ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ምግባር እዩ።**

ብዛዕባ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ማግባር ንዝበለጸ መረዳእታ ወይኻኣ ብናይ ምምሕደር ወይኻአ ተሪቶሪ ብዘሎ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ መዝገብ ንናትክን ስም ክተዝርዛ ወይኻኣ እዋናዊ ንምግባር እንተደሊኽን ብስልኪ 13 15 56 ደዊልክን ኣዘራርባ (ብናይ ከባቢ ስልኪ ሒሳብ)።

ብእንግሊዝኛ ክተዘራርባ ጸገም እንተሃልይክን ናይ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ብስልኪ 13 14 50 ምድዋል እዩ። እዙይ ምድዋል ብናይ ከባቢ ናይ ስልኪ ሒሳብ ይኸውን።

ብተወሳኺ ኣብ ናትና ዌብሳይት **www.cancerscreening.gov.au** ምርኣይ።

TIGRINYAN



# ኣብዝሓለፈ ግዘ መዓዝ እዩ ንናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ዝገበርኩ?

ደቂኣንስትዮ ነንሕድሕዲኤን በብክልተ ዓመት ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ እንተጌረን ንመብዛሕትኤ ናይ ማህጸን ጫፍ መንሸሮ ንምክልኻል ይኽኣል።

**National Cervical Screening Program**

ብናይ ኣውስትራሊያ፣ መምሕድዳርን ተሪቶሪ መንግስቲ ብሓባር ተበግሶ ዝወጸ

**ምክንያት ብዘይምጣር ቐጸሮ ምድላው እዩ**

## ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ እንታይ እዩ?

እዙይ ናትክን ማህጸን ጫፍ ጥዑይ ንምዃኑ ንምርግጋጽ ዝግበር መርመራ እዩ። እዙይ ማህጸን ብዝኽፈተሉን ኣብ ላዕላዋይ ርሕሚ ይርከብ (በዚ ዝስዕብ ንዘሎ ስእሊ ምርኣይ)።

ንማህጸን ዋህዮ መርመራ ንምግባር ቁሩብ ደቂቅ ጥራይ ዝወስድን ቃንዛ ሕማም የብሉን።

ንማህጸን ጫፍ መንሸሮ ንምክልኻል በብክልተ ዓመት ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ምግባር ዝበለጸ ሜላ ይኸውን።




## ማህጸን ዋህዮ መርመራ ንምታይ እዩ?

ናይ ማህጸን ጫፍ መንሸሮ ቅድሚ ምፍጣሩ በዙይ መርመራ መልክታ ክህብ ስለዝኽእል እዩ። ሓደሓደ ግዘ ናይ ማህጸን ጫፍ ዋህዮታት ካብ ጥዑይ ምዃን ናብ ጸገም ዘለዎ ኾይኑ ስለዝልወጥ እዩ። ካብቲ ማህጸን ጫፍ ናብ መንሸሮ ቅድሚ ምልዋጥ በቶም ዋህዮት ዘይልሙድ ኩነታት ክርኣይ ይኽእል።

## ለማህጸን ጫፍ ነቀርሳ መንስሄው ምንድ ነው?

መብዛሕትኡ ናይ ማህጸን ጫፍ መንሸሮታት ዝፍጠር ብ HPV (human papillomavirus) ዝተብሃለ ቫይረስ ምትንካፍ ይኸውን። ካብ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነት HPV ቫይረስ ከምዘሎ እዩ። ኣሞንጎ እዚ ኦም ዓይነት ቫይረሳት ውሽጢ ክልቲኦም ኣብ ኣውስትራሊያ ንመብዛሕትኡ ናይ ማህጸን ጫፍ መንሸሮታት ምክንያት ንምዃኖም ይፍለጥ እዩ።

ናይ HPV ቫይረስ ብጣዕሚ ዝፍለጥ እዩ። መብዛሕትኡ ሕዝቢ (ካብ ሓሙሽተ ኣርባዕተ ሰባት) ናይ HPV ቫይረስ ኣብ እዋን ሕይወቶም ውሽጢ ከጋጥም ይኽእል።

መብዛሕትኡ ናይ HPV ቫይረስ ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ብባዕሉ ይጠፍእ እዩ። ሓደሓደ ግዘ'ድማ እቲ ቫይረስ ብስብነትኩም ውሽጢ ንብዙሕ ግዘ ክጸንሕ ስለዝኽእል እሞ ናብ ማህጸን ጫፍ መንሸሮ ክልወጥ ይኽእል። ብዙሕ ግዘ ክሳብ 10 ዓመታት ዝኸውን ክጸንሕ ይኽእል።

በብክልተ ዓመት ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ብምግባር እሞ HPV ቫይረስ ቅድሚ ናብ መንሸሮ ምልዋጡ በቲ ዋህዮ ለውጢታት እንተሃልዩ ንምፍላጥ ይኽኣል እዩ። ስለዙይ ሓልዮት ጥዕናኽን ብጽቡቕ ከምዘሎን ኣድላይ እንተኾይኑ'ውን ሕክምና እንዳረኸብክን ጥዕናኽን ከምተሓለወ ንምርግጋጽ ንናይክን ሓኪም፣ ነርሲ ወይኻኣ ጥዕና ሠራተኛ ምህታት እዩ።

## ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ዘድልዮ መን እዩ?

ዕድሚኣን ኣብሞንጎ 18 ዓመትን 70 ዓመት ንዘለዋ ደቂኣንስትዮ ኩለን እሞ ርክበ ስጋ ንዝፍጽማ በብክልተ ዓመት ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ክገብራ ኣለወን። ዋላ እኳዕ ናይ ርክበ ስጋ ዝገብራ ምስ በዓልቤተን እንተኾነ'ውን ኩልግዘ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ክትገብራ ይግባእ።

## ንማህጸነይ ከውጽእ መጥባሕታዊ ሕክምና እንተገበርኩስ (hysterectomy) እንታይ ይፍጠር?

ዝገበርክንኦ ናይ ማህጸን መጥባሕቲ ዓይነት እንተሃለወ'እውን፣ ሕጂ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ከድልየክን ይኽእል እዩ። ብዝበለጸ እንታይ ከምዘድልየክን ንናትክን ሓኪም፣ ነርሲ ወይኻኣ ሓለዋ ጥዕና ሠራተኛ ኣዘራርባ።

## ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ከመይ ከምዝካየድ?






## በዙይ እንታይ ከምዝፈጥር...

ሓኪም ነቲ ምርመራ ንምግባር ብመጀመርታ ብሕቖኣክን ክትድቅሳን ትሕቲ ሸምጢ ንዘሎ ክዳንክን ክተውጽኣ ትሕተታ።

ናይ ደቂኣንስታይ ሓኪም ክትኾነልክን ምሕታት ትኽእላ። ብድሕሪኡ ሓኪም ንናትኽን ሕርሚ ንምክፋት ዘግፍሕ መሳርሒ ብምጥቃም፤ እሞ ነቲ ማህጸን ጫፍ ብዝበለጸ ግልጺ ኾይኑ ክርኣይ ይኽኣል።

ንናትክን ማህጸን ቀስ ኣቢልካ ብንእሽተይ ብሩሽ ወይኻኣ መኮስ ዝመስል (ብንእሽተ ፕላስቲክ ወይኻኣ ስላእ እንጨይቲ) ጌርካ ንጣደሓደ ዋህዮታት ጸሪካ ምውሳድ። ስለዙይ ነቶም ዋህዮታት ብናይ መስትያት ፊልም መርኣይ ጌርካ ብናይ ማይክሮስኮፕ ምእንታን ክርኣይ ናብ ላቦራቶሪ ምልኣኽ ይኸውን።

## እቱ ስሚዒት እንታይ ይመስል?

ሓደሓደ ግዘ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ክተኻይድ ቁሩብ ክሕፍረካ ይኽእል። እስተውእላ፡ ሰባት ነዙይ መርመራ ብምግባር ናይ ማዕልታዊ ሥራሕ ስለዝኸውን ኣየሕፍሮምን እዩ።

እቲ ናይ ኣሰራርሓ ክይዲ ቁሩብ ዘይምቹው ይኸውን፣ የግደስ ቓንዛ ሕማም የብሉን። ይኹን'ምበር ቓንዛ ሕማም እንተሃሚምክን ንናትክን ሓኪም፣ ነርሲ ወይኻኣ ንሓለዋ ጥዕና ሠራተኛ ቐልጢፍክን ምዝራብ።

## ብዛዕባ እቲ ውጽኢት'ከ?

ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ክግበር እንከሎ ነቲ ውጽኢት መዓዝን ብከመይ ምርካብ ከምዝኽኣል ንሓኪም ምሕታት እዩ።

| መብዛሕትኡ ውጽኢት ጸገም የብሉን |
|---|

## ናተይ መርመራ ውጽኢት ዘይጥዑይ እንተኾነ እንታይ ይግበር?

ናትኽን መርመራ ውጽኢት ጡዑይ እንተዘይኾይኑ፣ እዙይ ማለት መንሸሮ ኣለክን ማለት ኣይኾነን። መብዛሕትኡ እዋን ከምዚ ዓይነት ክፍጠር እንከሎ ቐሊል ከም ቁስሊ ጸገም ክነብረኽን ይኽእል እሞ ብባዕሉ ብተፈጥሮ ይጠፍእ እዩ።

ዓልኣንስትዮ ናይ ማህጸን ዋህዮ መርመራ ደጋጊመን ምግባር የድልየን እዩ። ሓደሓደ ዘይልሙድ ናይ ዋህዮታት ኩነታ ብፍሉይ ሰብሞያ ኣቢሉ ምክትታል ከምዘድሊ እዩ። ናትክን ዋህዮ ኩነታ ኣይኑ ጽቡቕ ንምዃኑ ምስ ሓኪም፣ ነርሲ ወይኻኣ ሓለዋ ጥዕና ብምዝርራብ ምርግጋጽ ይኸውን።